# ክታበት COVID-19 ንፍቓድ ዝርድኦም መንእሰያት

Vaccinate WA
CovidVaccineWA.org

Washington State Department of Health (ክፍሊ ጥዕና ክፍለ ሃገር ዋሽንግተን) 6 ኣዋርሕ ዓመትን ልዕሊኡን ዕድሜኦም ክኽተቡ ይመክር። ብዙሓት ኣቕረብቲ ትሕቲ 18 ዝዕድሚኦም ሰባት ንኽኽተቡ ፍቓድ ወላዲ ወይ ኣላዩ ይደልዩ እዮም። ይኹን እምበር፣ ትሕቲ 18 ዓመት ኮንካ ካብ ወለድኻ ናጻ እንተኮይንካ ኣብ ገሊኡ ኣጋጣሚታት ንባዕልካ ፍቓድ ክትህብ ትኽእል ኢኻ ወይ ናይ ገዛ ዘይምርግጋእ ከምኡዉን ምስ ወላዲ ወይ ኣላዩ ምስዘይትህሉ ብቤት ትምህርቲ ኣቢልካ ፍቓድ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። እዚ ሰነድ እዚ ኣብ ትሕቲ ሕጊ መንግስቲ እተፈቕዱ እተፈላለዩ ዓይነት ፍቓድ፣ ከገልግለካ ዝኽእል ኣቕራቢ ብኸመይ ክም እትረክብ ከምኡውን ንቈጸራ ክታበትካ ብኸመይ ከም እትዳሎ ይሕብር።

## ንዓኻ ፍቓድ ክህቡካ ዝኽእሉ በፅሕታት:-



- ወለዲ
- ኣላዩ ወይ ሕጋዊ ሓላዊ
- ናባይ ወላዲ ወይ ካልእ ሰብ ንኣብ ካብ ቤት ዝወጸ ቖልዓ መጽንሒ ዘሎ ናይ ሕክምና ክንክን ፍቓድ ንክህብ ብቤት ፍርዲ ፍቓድ ዝተወሃቦ (ምዕራፍ 13.32A ወይ 13.34) Revised Code of Washington (RCW፣ እተኣረመ ኮድ ዋሽንግተን))
- ብዛዕባ ናትካ ናይ ክንክን ጥዕና ውሳነ ንክገብር እተፈረመ ፍቓድ እተዋህቦ ሰብ
- ንክንክን ጥዕናኻ ሓላፍነት ዘለዎ ዘመድ
- ናይ ቤት ትምህርቲ ነርስ፣ ኣማኻሪ/ት፣ወይ ኣዛራራቢ ግዳም ሓደር (ኣብ ትሕቲ ፈደራላዊ መንግስቲ ግዳም ሓደር ምኻንካ ምስእትፍለጥ McKinney-Vento Homeless Education Act)*

## እዚ ምስ ዝኸዉን ንባዕልካ ፍቃድ ክትህብ ትኽእል ኢኻ:-



- **ብሕጋዊ መገዲ ነፃ ዝኮንካ ኢኻ።** ወዲ 16 ወይ ካብኡ ንላዕሊ ኢኻ ከምኡዉን ሕቶ ኣቕሪብካ ከምኡዉን ካብ ወለድኻ ነፃ ናይ ምኳን መሰል ፍቓድ ተዋሂብካ።
- **ምስ ነፃ ዝኾነ ትሕቲ ዕድመ ወይ በጽሒ ተመርዕኻ/ኺ ኢኻ/ኺ።**
- **ሓደ ኣቕራቢ ንስኻ/ኺ ብስለት ዘለካ/ኪ ትሕቲ ዕድመ ምኻንካ/ኪ ኣብ ትሕቲ** Mature Minor Doctrine (ብሱል ንእሽቶ ሰረተ-እምነት) **ይዉስን።****

### *ማክኪኒ-ቨንቶ ተጠቒምካ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ፍቓድ:-

ብመሰረት ሕጊ መንግስቲ፣ ነርሳት ቤት ትምህርቲ፣ ኣማኸርቲ ቤት ትምህርቲ፣ ከምኡዉን ተዛረብቲ ግዳም ሓደር ተማሃሮ፣ ግዳም ሓደር መንእሰያት ወይ ንኣሽቱ በጽሕታት (ከምቲ ኣብ ትሕቲ ሕጊ [federal McKinney-Vento homeless education act - እንግሊዘኛ ጥራይ)]() ተገሊጹ ዘሎ ኣብ ትሕቲ ኣካላዊ ተሓታትነት ናይ ወላዲ ወይ ኣላዩ ዘየለዉ ፍቓድ ክህብሎም ስልጣን ተዋሂብዎም ኣሎ ።

**ምንጪ ሊንክ፦** ሃገራዊ ማእከል ንትምህርቲ ግዳም ሓደር ነቶም ግዳም ሓደር ዝኾኑ መገላግልቲ ንዘይብሎም ተመሃሮ ዝወሃብ ትምህርቲ ዝድግፍ https://nche.ed.gov/wp-content/uploads/2018/10/youth.pdf - እንግሊዝኛ ጥራይ

### **ብዛዕባ ብሱል ሰረተ-እምነት ንኣሽቱ ዝያዳ ሓበሬታ:-

ገሊኦም ኣቕረብቲ ንዉፁዓት ትሕቲ ዕድመ ኣብ ትሕቲ "ንእሽቶ ብሱላት ሰረተ እምነት" ሳዕቤን ሕክምና ኺርድኡ ወይ ከስተማቕሩ ዝኽእሉ እንተ ኾይኖም ግቡእ ፍቓድ ክህቡ ይፈቕዱሎም እዮም።

እቲ ሕሙም ብሱል ትሕቲ ዕደም ምኻኑ ንምዉሳን ኣቕረብቲ ንዕድመ እቲ ትሕቲ ዕድመ ፣ ምስትውዓል፣ ብስለት፣ ስልጠና፣ ተመክሮ፣ ቍጠባዊ ናጽነት ወይ ጒድለት፣ ሓፈሻዊ ጠባይ ከም እኹል ሰብ ከምኡዉን ናጽነት ካብ ቍጽጽር ወለዲ ክግምግሙ እዮም።

## እቶም ኣቕረብቲ ፍቓድ ብዉሑድ ዝተፈላለየ መገድታት ይቕበልዎ እዮም።

- ናይ ቓል ፍቓድ (ብተሌፎን ወይ ብኣካል)
- ናይ ጽሑፍ ፍቓድ (ፎርም)
- ገሊኣቶም ናይ ጽሑፍን ቓልን ፍቓድ ይደልዩ እዮም።
- ብኣካል ፍቓድ ናይቲ በጽሒ ኣብ ክንዳኻ ፍቓድ ዝህበልካ ዘሎ ።

## ምኽርታት ንምኽታብ

- ☐ **ነቲ ኣብ ናይ ክታበት መርከቢ ዘሎ ናይ መጻረዪ ኣማራጺታት** ([vaccinelocator.doh.wa.gov](vaccinelocator.doh.wa.gov)) **ተጠቐሙሉ ወይ እቲ ኣአንጋዲ እንታይ ዓይነት ፍቓድ ከም ዝቕበል ንምፍላጥ ነቲ ኣቅራቢ ደዉለሉ።** ነቲ ምስ መንእሰይ ዝሳነ ኣብ ናይ ክታበት መርከቢ ዘሎ ናይ መጻረዪ ኣማራጺታት ምስ ኰነታትካ ዚዓዩ ኣላዩ ንኽትረክብ ክሕግዘካ እዩ ። ንኣብነት ፍቓድ ክህበልካ ዝኽእል እኹል ሰብ ምስ ዝህልወካ ግናኸ ምሳኻ ናብቲ ቈጸራ ክኸይድ ዘይክእል ምስዝኸዉን ናይ ጽሑፍ ፍቓድ ዝቕበል ኣቅራቢ ርኸብ።
- ☐ ነቲ ፎርም ብኢንተርነት ክመልኦ ዝኽእል ወላዲ/ኣላዩ ምስዘይህልወካ፤ **ናይ ክታበት ቦታታት ናይ ስቐ ኢልካ ምምጻእ ወይ ቖጸራ ንምሓዝ ምድዋል ዝቕበሉ ኣናዲ።** ብዙሓት ቐረብቲ ነቲ ቖጸራ ብኢንተርነት ንምሓዝ ወላዲ ወይ ኣላዩ ፎርም ናይ ፍቓድ ንኪመልእዎ ይሓትቱ እዮም ።
- ☐ **ምስ ቤት ትምህርቲኻ ኣረጋግጽ።** ናይ ኣባይቲ ዘይምርግጋእ የጋጥመካ እንተ ሃልዩ ማክኬኒ-ቨንቶ ይምልከተካ ይኽእል እዩ። (ንተወሳኺ ሓበሬታ ነቲ ቅድሚት ተመልከት።) ፍቃድ ንምሃብ ምስ ነርስ ቤት ትምህርቲ፣ ኣማኻሪ ቤት ትምህርቲ ወይ ተዘራራባይ ግዳም ሓደር ዝኾኑ ተመሃሮ ክትርሕ ትኽእል ኢኻ።
- ☐ **ነቲ ክትህቦ ዘለካ ዓይነት ፍቓድ ተዳሎ:-**
  - ☐ ሓደ በጽሒ ኣብ ቈጸራኻ ኺርከብ እንተሃልይዎ ምስኣቶም ተሓባበር።
  - ☐ እቲ ኣአንጋዲ ናይ ጽሑፍ ፍቓድ ዝቕበል እንተ ኾይኑ እቲ ፍቓድ ዝህበካ ሰብ ነቲ ፎርም ሓቲሙ ክፍርመሉ ዝኽእል እንተኮይኑ ርአ።
  - ☐ ሓራ ዝወጸኻ ትሕቲ ዕድመ እንተኮይንካ ወይ ከኣ ትሕቲ ዕድመ ኮንካ ንሓራ ዘወጻ ትሕቲ ዕድመ ወይ እኹል ሰብ እተመርዓኻ እንተኮይንካ ሰነድ ከተምጽእ የድልየካ ይኸውን እዩ።
  - ☐ ብ McKinney-Vento ተጠቐማክ ፍቓድ ትቕበል እንተሃሊኻ ከምኡዉን እቲ ኣአንጋዲ ሕቶታት ከይህልዎ ትስከፍ እንተ ሃሊኻ ቅዳሕ ናይቲ ፍልጠት ዘለዎ ሕጊ ፍቓድ ከተምጽእ ትኽእል ኢኻ:- RCW [7.70.065 – ብእንግሊዘኛ ጥራይ]() ከምኡዉን ነቲ ንኣብያተ - ትምህርቲ ዝከውን ክፋል ኣጉልሃየ። (ናብ ሕጊ ምትሕሓዝ: [https://app.leg.wa.gov/RCW/default.aspx?cite=7.70.065](https://app.leg.wa.gov/RCW/default.aspx?cite=7.70.065) – ብእንግሊዘኛ ጥራይ). መዘኻኸሪ:- እዚ ብቕዓት ኣይኰነን።
  - ☐ በቲ ብሱል ንእሽቶ ሰረተ-እምነት ኣቢልካ ፍቓድ ክትረክብ ትፍትን እንተ ሃሊኻ፣ ካብ ወለድኻ ናጻ ምዃንካ ዘርኢ ሰነዳትን ሓበሬታን ንክተቅርብ የድልየካ ይኸውን እዩ። እዚ ብኸሎም ኣቅረብቲ ዝሕተት ኣይኮነን ግን ክሕግዙ ይኽእሉ እዮም። ገሊኦም ቐረብቲ ኣብቲ ቦታ እቲ ናይ ንኣሽቱ ብሱልነት ውሳነ ኣይገብሩን እዮም ግን ነቲ ኻብቶም ኣቐዲሞም ዝነበሩ ቐረብቲ ዝገበርዎ ናይ ንኣሽቱ ብሱልነት ውሳነ ይቕበልዎ እዮም።